## STUDY QUESTIONS FOR THE NEW VERSION OF THE NATURALIZATION EXAM
## ዓይነት ናይ ሕጂ ዘሎ ናይ ከም ዜጋ ቅቡል ምዃን ዝወሃብ ፍተና ሕቶታት መጽንዒ

ገለ ሕቶታት ብዙሓት መልሲ ኣለወን። እዚ ኸኣ ሓደ መልሲ ብብዙሕ መንገዲ ክምለስ ስለ ዝከኣል እዩ ወይ ሓደ ነገር ብብዙሕ መንገዲ ክትብሎ ስለ ዝከኣል እዩ። ካብቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓደ መልሲ ክትህብ ጥራሕ እዩ ዝድለ፣ ካብ ሓደ ንላዕሊ መልሲ ክትህቡ እተዘይተሓቲትኩም። 10 ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም ካብኣተን 6 ክትምልሱ ኣለኩም።

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| ሕቶታት | መልሲታት |
| **AMERICAN GOVERNMENT QUESTIONS** | |
| **ሕቶታት ናይ ኣሜሪካ መንግስቲ** | |
| **Principles of American Democracy** | |
| **መትከላት ናይ ኣሜሪካ ደሞክራሲ** | |
| 1. What is the supreme law of the land? | The Constitution |
| 1. እቲ ዝለዓለ ሕጊ ናይዚ መሬት እንታይ እዩ? | ቅዋም |
| 2. What does the Constitution do? | Sets up the government; defines the government; protects basic rights of Americans |
| 2. ቅዋም እንታይ ይገብር? | መንግስቲ የቕውም፣ መግስቲ ይገልጽ፣መሰርታዊ መሰላት ናይ ኣሜሪካውያን ይከላኸል |
| 3. The idea of self-government is in the first three words of the Constitution. What are these words? | "We the People" |
| 3. ሓሳብ ርእሰ-ምምሕዳር ኣብተን ቀዳሞት ሰለስት ቃላት ናይቲ ቅዋም ኢዩ ዘሎ። እተን ቃላት እንታይ እየን? | "ንሕና እቶም ህዝቢ" |
| 4. What is an amendment? | A change (to the Constitution); an addition (to the Constitution) |
| 4. መኣረምታ እንታይ እዩ? | ለውጢ (ንቅዋም)፣ ወሰኽ (ንቅዋም) |
| 5. What do we call the first 10 amendments to the Constitution? | The Bill of Rights |
| 5. እተን 10 ቀዳሞት መኣረምታታት ናይ ቅዋም እንታይ ይበሃላ? | ሰነድ መሰላት |
| 6. What is one right or freedom from the First Amendment? | Speech; religion; assembly; press; petition the government |
| 6. ሓንቲ መሰል ወይ ናጽነት ካብታ ቀዳመይቲ መኣረምታ እንታይ እያ? | ምዝራብ፣ ሃይማኖት፣ ምእካብ፡ ጋዜጣ፣ ልመና ነቲ መንግስቲ |
| 7. How many amendments does the Constitution have? | Twenty-seven (27) |
| 7. ኣብ ቅዋም ክንደይ መኣረምታ ኣለዋ? | ዕስራን-ሸውዓተን (27) |
| 8. What did the Declaration of Independence do? | Announced our independence (from Great Britain); declared our independence (from Great Britain); said that the United States is free (from Great Britain) |
| 8. ኣዋጅ ናይ ናጽነት እንታይ ኣፍርዩ? | ናጽነትና ዘርጊሑ (ካብ ዓባይ ብሪጣንያ)፣ ናጽነትና ኣዊጁ (fካብ ዓባይ ብሪጣንያ)፣ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ነጻ ኢያ ኢሉ (ካብ ዓባይ ብሪጣንያ) |
| 9. What are two rights in the Declaration of Independence? | Life; liberty; pursuit of happiness |
| 9. ክልተ መሰላት ኣብ ኣዋጅ ናጽነት እንታይ እየን? | ሂወት፣ ነጻነት፣ ሓጎስ ምንዳይ |
| 10. What is freedom of religion? | You can practice any religion, or not practice a religion |
| 10. ናጽነት ናይ ሃይማኖት እንታይ ማለት እዩ? | ዘድልየካ ሃይማኖት ክትክተል ወይ ከይትኽተል |
| 11. What is the economic system in the United States? | Capitalist economy; market economy |
| 11. ቁጠባዊ ስርዓት ናይ ሕቡራት ሃገራት እንታይ እዩ? | ናይ ርእሰ-ማላዊ ቁጠባ፣ ናይ ዕዳጋ ቁጠባ |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 12. What is the "rule of law"? | Everyone must follow the law; leaders must obey the law; government must obey the law; no one is above the law. |
| 12. "**ግዝኣት ናይ ሕጊ**" **እንታይ እዩ**? | **ኩሉ ሰብ ሕጊ ክኽተል ኣለዎ፣ መራሕቲ ሕጊ ክእዘዙ ኣለዎም፣መንግስቲ ሕጊ ክእዘዝ ኣለዎ፣ ዋላ ሓደ ልዕሊ ሕጊ ኣይኮነን።** |
| **System of Government** | |
| **ስርዓት ናይ መንግስቲ** | |
| 13. Name one branch or part of the government. | Legislative (Congress); executive (President); judicial (the courts) |
| 13. **ሓደ ጨንፈር ወይ ክፋል ናይ መንግስቲ ስመይ** | **ሓጋጊ** (**ሓጋጊ ኣካል**)፣ **ፈጻሚ** (**ፕረሲደንት**)፣ **ፈራዲ** (**ኣብ ቤት ፍርዲ**) |
| 14. What stops one branch of government from becoming too powerful? | Checks and balances; separation of powers |
| 14. **ንሓደ ጨንፈር ናይ መንግስቲ ኣዝዩ ሓያል ካብ ምዃን እንታይ ይዓግቶ**? | **ቁጽጽርን ሚዛንን፣ ናይ ሓይሊ ምፍላላይ** |
| 15. Who is in charge of the executive branch? | The President |
| 15. **ናይ ፈጻሚ ኣካል ሓላፊ መን'ዩ**? | **ፕረሲደንት** |
| 16. Who makes federal laws? | Congress; Senate and House (of Representatives); (U.S. or national) legislature |
| 16. **ናይ ፌደራል ሕጊ መን የውጽኦ**? | **ሓጋጊ ኣካል፣ ባይቶን ገዛ** (**ተጸዋዕቲ**)፣ (**ሕ.ሃ. ወይ ሃገራዊ**) **ሓጋጊ ኣካል** |
| 17. What are the two parts of the U.S. Congress? | The Senate and House (of Representatives) |
| 17. **ክልተ ክፍሊ ናይ ሕ.ሃ. ሓጋጊ ኣካል እንታይ ኢየን**? | **ባይቶን ገዛን** (**ተጸዋዕቲ**) |
| 18. How many U.S. Senators are there? | One hundred (100) |
| 18. **ኣባላት ባይቶ ናይ ሕ.ሃ. ክንደይ እዮም**? | **ሓደ ሚእቲ** (100) |
| 19. We elect a U.S. Senator for how many years? | six (6) |
| 19. **ኣባል ባይቶ ሕ.ሃ. ንኽንደይ ጊዜ ንመርጽ**? | **ሽዱሽተ**(6) |
| 20. Who is one of your state's U.S. Senators? | Patty Murray; Maria Cantwell (Washington state - 2007) |
| 20. **ሓደ ካብ ክፍለ-ሃገርካ ኣባል ባይቶ ሕ.ሃ. መን ኢዩ**? | **ፓቲ ሙራይ፣ ማርያ ካንትወል** (**ዋሽንግተን ክፍለ-ሃገር** - 2007) |
| 21. The House of Representatives has how many voting members? | Four hundred thirty-five (435) |
| 21. **ተጸዋዕቲ ገዛ ክንደይ መረጽቲ ኣባላት ኣለዎ**? | **ኣርባዕተ ሚኢትን ሰላሳን ሓሙሽተን**(435) |
| 22. We elect a U.S. Representative for how many years? | Two (2) |
| 22. **ናይ ሕ.ሃ. ተጸዋዒ ንኽንደይ ዓመት ንመርጾ**? | **ክልተ** (2) |
| 23. Name your U.S. Representative. | Jim McDermott (most of Seattle and Vashon Island - 2007) For information on finding your elected official, you may go to www.house.gov/zip/ZIP2Rep.html or you may ask your local librarian. |
| 23. **ናይ ሕ.ሃ. ተጸዋዒኹም ስመይ።** | **ጅም ማክደርሞት** (**ናይ መብዛሕቱ ስያትልን ደሴት ቫሾን** - 2007) **ናይ ዝመረጽክሞ ሰብ ስልጣን ሓበሬታ ብ**www.house.gov/zip/ZIP2Rep.html **ኣቢልኩም ወይ ንናይ ከባቢኹም ቤት ንባብ ሰራሕተኛ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።** |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 24. Who does a U.S. Senator represent? | All people of that state |
| 24. **ኣባል ሕ.ሃ. ባይቶ ንመን ይውክል**? | **ህዝቢ ናይታ ክፍለ-ሃገር** |
| 25. Why do some states have more Representatives than other states? | (Because of) the state’s population; (because) they have more people; (because) some states have more people |
| 25. **ስለምንታይ’ዩ ገለ ክፍለ-ሃገራት ካብተን ካልኦት ዝያዳ ተወከልቲ ዘለወን**? | (**ምኽንያቱ**) **ናይታ ክፈለ-ሃገር ህዝቢ፣** (**ምኽንያቱ**) **ዝያዳ ህዝቢ ስለ ዘለዎም፣** (**ምኽንያቱ**) **ገለ ክፍለ-ሃገር ዝያዳ ህዝቢ ስለ ዘለዎም** |
| 26. We elect a President for how many years? | Four (4) |
| 26.**ፕረሲደንት ንክንደይ ዓመት ንመርጽ**? | **ኣርባዕተ** (4) |
| 27. In what month do we vote for President? | November |
| 27. **ኣበይናይ ወርሒ ፕረሲደንት ንመርጽ**? | **ሕዳር** |
| 28. What is the name of the President of the United States now? | George W. Bush; George Bush; Bush (2007) |
| 28. **ሕጂ ዘሎ ናይ ሕቡራት ሃገራት ፕረሲደንት መን ሽሙ**? | **ጆርጅ ዳብሊው. ቡሽ፣ ጆርጅ ቡሽ፣ ቡሽ** (2007) |
| 29. What is the name of the Vice President of the United States now? | Richard Cheney; Dick Cheney; Cheney (2007) |
| 29. **ሕጂ ዘሎ ናይ ሕቡራት ሃገራት ምክትል ፕረሲደንት መን ሽሙ**? | **ሪቻርድ ቸይኒ፣ዲክ ቸይኒ፣ ቸይኒ** (2007) |
| 30. If the President can no longer serve, who becomes President? | The Vice President |
| 30. **ፕረሲደንት ከገልግል እንተዘይከኣለ መን ይትክኦ**? | **ምኽትል ፕረሲደንት** |
| 31. If both the President and the Vice President can no longer serve, who becomes President? | The Speaker of the House |
| 31. **ክልቲኦም፡ ፕረሲደንትን ምክትል ፕረሲደንትን ከግልግሉ እንተ ዘይከኣሉ መን ይትክኦም**? | **ኣፈኛ ናይ ገዛ** |
| 32. Who is the Commander in Chief of the military? | The President |
| 32. **ላዕለዋይ ኣዛዚ ናይ ወታሃደራት መን’ዩ**? | **ፕረሲደንት** |
| 33. Who signs bills to become laws? | The President |
| 33. **ሰነዳት ሕጊ ንኽኾኑ መን ይፍርሞም**? | **ፕረሲደንት** |
| 34. Who vetoes bills? | The President |
| 34. **ሰነዳት መን ይነጽጎ**? | **ፕረሲደንት** |
| 35. What does the President’s Cabinet do? | Advise the President |
| 35. **ናይ ፕረሲደንት ካቢነ እንታይ ይገብሩ**? | **ንፕረሲደንት የማኽርዎ** |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 36. What are two Cabinet-level positions? | Secretary of Agriculture; Secretary of Commerce; Secretary of Defense; Secretary of Education; Secretary of Energy; Secretary of Health and Human Services; Secretary of Homeland Security; Secretary of Housing and Urban Development; Secretary of Interior; Secretary of State; Secretary of Transportation; Secretary of Treasury; Secretary of Veterans' Affairs; Secretary of Labor; Attorney General |
| 36. **ክልተ ብካቢነ ደረጃ ዝጥመቱ መዝታት እንታይ ኢዮም**? | **ሰክረታሪ ናይ ሕርሻ፣ ሰክረታሪ ናይ ንግድ፣ ሰክረታሪ ናይ ምክልኻል፣ ሰክረታሪ ናይ ትምህርቲ፣ ሰክረታሪ ናይ ጽዓት፣ ሰክረታሪ ናይ ጥዕናን ስብኣዊ ኣገልግሎን፣ሰክረታሪ ናይ ሃገራዊ ድሕነት፣ ሰከታሪ ናይ ኣባይቲን ናይ ከተማ ምዕባለን፣ ሰክረታሪ ናይ ውሽጣዊ ጉዳያት፣ ሰክረታሪ ናይ ውጻኢ ጉዳያት፣ ሰክረታሪ ናይ መጓዓዝያ፣ሰክረታሪ ናይ ቤት-ግምጃ፣ ሰክረታሪ ናይ ሓርበኛታት ጉዳይ፣ሰክረታሪ ናይ ዕዮ፣ ኣኽባር-ሕጊ** |
| 37. What does the judicial branch do? | Reviews laws; explains U.S. laws; resolves disputes (disagreements); decides if a law goes against the Constitution |
| 37. **ፈራዲ ጨንፈር እንታይ ይገብር**? | **ሕጊ ይግምግም፣ ናይ ሕቡራት ሃገራት ሕጊ ይገልጽ፣ ግጭት(ዘይምስምማዕ) ይፈትሕ፣ ሕጊ ኣንጻር ቅዋም እንድሕር ከይዱ ይውስን** |
| 38. What is the highest court in the United States? | The Supreme Court |
| 38. **ናይ ሕቡራት ሃገራት ዝለዓለ ቤት ፍርዲ ኣየናይ**? | **ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ** |
| 39. How many justices are on the Supreme Court? | Nine (9) |
| 39. **ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክንደይ ፈራዶ ኣለዉ**? | **ትሽዓተ** (9) |
| 40. Who is the Chief Justice of the United States? | John Roberts (John G. Roberts Jr.) |
| 40. **ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ዳኛ መን'ዩ**? | **ጆን ሮበርትስ (ጆን ጂ. ሮበርትስ ጁንየር)** |
| 41. Under our Constitution, some powers belong to the federal government. What is one power of the federal government? | To print money; to declare war; to create an army; to make treaties |
| 41. **ብቅዋምና መሰረት፡ ሓደ-ሓደ ስልጣናት ናይ ፌደራላዊ ምምሕዳር ይኾውን፡ ሓደ ካብቲ ናይ ፈደራላዊ ምምሕዳር ስልጣን እንታይ እዩ**? | **ገንዘብ ምሕታም፣ውግእ ምእዋጅ፣ ወተሃደራት ምፍጣር፣ውዕላት ምውጻእ** |
| 42. Under our Constitution, some powers belong to the states. What is one power of the states? | Provide schooling and education; provide protection (police); provide safety (fire departments); give a driver's license; approve zoning and land use |
| 42. **ብቕዋምና መሰረት፡ ሓደ-ሓደ ስልጣናት ናይ ክፍለ-ሃገር ምምሕዳር ይኾውን፡ ሓደ ካብቲ ናይ ክፍለ-ሃገር ስልጣን ምምሕዳር እንታይ እዩ**? | **ቤት-ትምህርትን ትምህርትን ምቕራብ፣ መከላኸሊ (ፓሊስ) ምቕራብ፣ ድሕንነት (ክፍሊ መጥፋኢ ሓዊ) ምቕራብ፣ መዘወሪ መኪና ፍቓድ ምሃብ፣ ዞናን ኣጠቓቕማ መሬት ምፍቃድ** |
| 43. Who is the Governor of your state? | Christine Gregoire (Washington state – 2007) |
| 43. **ኣማሓዳሪ ናይ ክፍለ-ሃገርኩም መን እዩ**? | **ክሪስትን ግረግዋር (ዋሽንግቶን ክፍለ-ህገር** - 2007) |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 44. What is the capital of your state? | Olympia (Washington state) |
| 44. ዋና ኸተማ ናይ ክፍለ-ሃግርኩም መን እያ? | ኣሎምፕያ (ዋሽንግቶን ክፍለ-ሃገር) |
| 45. What are the <u>two</u> major political parties in the United States? | Democratic and Republican |
| 45. <u>ክልተ</u> ቀንዲ ናይ ፓለቲካ ፓርቲታት ኣብ ሕቡራት ሃገራት መን እየን? | ደሞክራቲክን ረፓብሊካን |
| 46. What is the political party of the President now? | Republican (Party) |
| 46. ናይዚ ሕጂ ፕረሲደንት ፓርቲ እንታ እዩ? | ረፓብሊካን (ፓርቲ) |
| 47. What is the name of the Speaker of the House of Representatives now? | Nancy Pelosi (2007) |
| 47. ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ገዛ ተጸዋዕቲ ኣፍኛ መን ኢዩ/ያ? | ናንሲ ፐሎሲ (2007) |
| **Rights and Responsibilities** | |
| **መሰላትን ሓላፍነትታን** | |
| 48. There are four amendments to the Constitution about who can vote. Describe <u>one</u> of them. | Citizens 18 and older can vote; you don't have to pay (a poll tax) to vote; a male citizen of any race can vote; any citizen (women and men) can vote |
| 48. ነቲ ቅዋም ብዛዕባ መን ክመርጽ ከምዝኽእል ኣርባዕተ መአረምታ ኣለዎ፡ <u>ሓደ</u> መኣረምታ ግለጽ። | 18ን ልዕሊኡን ዕደመ ዘለዎም ዜጋታት ክመርጹ ይኽእሉ፣ ንኽትመርጽ (መምረጺ ግብሪ) ክትከፍል ኣየድልየካን፣ ወዲ ተባዕታይ ዜጋ ዓሌት ብዘይየገድስ ክመርጽ እኽእል፣ ዝኾነ ዜጋ (ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣነስተይቲን) ክመርጽ ይኽእል |
| 49. What is <u>one</u> responsibility that is only for U.S. citizens? | Serve on a jury; vote |
| 49. ንዜጋታታት ጥራሕ ትወሃብ <u>ሓንቲ</u> ሓላፍነት እንታይ ኢያ? | ከም ፈራዲ ኣካል ምግልጋል፣ ምምራጽ |
| 50. What are <u>two</u> rights only for United States citizens? | Apply for a federal job; vote; run for office; carry a U.S. passport |
| 50. <u>ክልተ</u> መሰላት ንዜጋታታት ጥራሕ ዝወሃባ እንታይ እየን? | ናብ ፌደራላዊ ስራሕ ንምርካብ ምልክታ ምእታው፣ ምምራጽ፣ ቤት-ጽሕፈት ንምክያድ ምውድዳር፣ ናይ ሕ.ሃ. ፓስፖርት ይሕዝ |
| 51. What are <u>two</u> rights of everyone living in the United States? | Freedom of expression; freedom of speech; freedom of assembly; freedom to petition the government; freedom of worship; the right to bear arms |
| 51. ንናይ ሕቡራት ሃገራት ነበርቲ ዝወሃባ <u>ክልተ</u> መሰላት እንታይ እየን? | ሓሳባትካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፣ ናይ ምዝራብ ናጽነት፣ ናይ ምእካብ ናጽነት፣ ናጽነት ኣቤቱታትኻ ንመንግስቲ ንምቕራብ፣ ናይ ምምላኽ ነጻነት፣ ኣጽዋር ናይ ምውናን መሰል |

| QUESTIONS | ANSWERS |
| --- | --- |
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 52. What do we show loyalty to when we say the Pledge of Allegiance? | The United States; the flag |
| 52. **መብጽዓ ናይ ተኣማንነት ክንገብር እንከለና ተኣማንነትና ንመን ንምርኣይ እዩ**? | **ንሕቡራት ሃገራት፣ ንባንዴራ** |
| 53. What is <u>one</u> promise you make when you become a United States citizen? | Give up loyalty to other countries; defend the Constitution and laws of the United States; obey the laws of the United States; serve in the U.S. military (if needed); serve (do important work for) the nation (if needed); be loyal to the United States |
| 53. **ናይ ሕቡራት ሃገራት ዜጋ ምስኮንኩም እትገብርዋ <u>ሓንቲ</u> መብጽዓ እንታይ እያ**? | **ንኻልእ ሃገራት ዘለኩም ተኣማንነት ምቁራጽ፣ ቅዋምን ሕግታትን ናይ ሕቡራት ሃገራት ምክልኻል፣ ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ውትህድርና ምግልጋል (ኣድላይ እንተ ኾይኑ) ምግልጋል ነታ ሃገር (ኣገዳሲ ስራሕ ምግባር) (ኣድላይ እንተኾይኑ)፣ ንሕቡራት ሃገራት ተኣማኒ ምዃን** |
| 54. How old do citizens have to be to vote for President? | Eighteen (18) and older |
| 54. **ዜጋታት ፕረሲደንት ንኽመርጹ ዕድሚኦም ክንደይ ኽውን ኣለዎ**? | **ዓሰርተሸሞንተን** (18) **ልዕሊኡን** |
| 55. What are <u>two</u> ways that Americans can participate in their democracy? | Vote; join a political party; help with a campaign; join a civic or community group; give an elected official your opinion on an issue; call Senators and Representatives; publicly support or oppose an issue or policy; run for office; write to a newspaper |
| 55. **ኣሜሪካውያን ንደሞክራሲኦም ክሳተፍሉ ዝኽእሉ <u>ክልተ</u> መንገድታት እንታይ ኢዮም**? | **ምድማጽ፣ ኣባል ፖለቲካዊ ፓርቲ ብምዃን፣ ኣብ ጎስጓስ ብምሕጋዝ፣ ናይ ሲቪክ ወይ ማሕበረሰባዊ ጉጅለ ብምዃን፣ ንዝተመርጸ በዓል ስልጣን ኣብ ሓደ ጉዳይ ሓሳብካ ምሃብ፣ ምድዋል ናብ ኣባላት ባይቶን ተወከልትን፣ ንሓደ ጉዳይ ወይ ፖሊሲ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምድጋፍ ወይ ምቅዋም፣ ንቤት ጽሕፈት ምሓዝ ምውድዳር፣ ጋዜጣ ምጽሓፍ** |
| 56. When is the last day you can send in federal income tax forms? | April 15 |
| 56. **ናይ መወዳእታ መዓልቲ ፌደራላዊ ናይ ኣታዊ ቀረጽ ፎርምታት ዝስደደሉ መዓልቲ መዓስ ኢዩ**? | **ሚያዝያ** 15 |
| 57. When must all men register for the Selective Service? | At age 18; between the ages of 18 and 26 |
| 57. **ደቂ ተባዕትዮ ንመማዩ ኣገልግሎት ዝምዝገብሉ መዓስ ኢዩ**? | **ኣብ** 18 **ዕድሚኦም፣ ካብ** 18 **ክሳብ** 26 **ዕመት** |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| ሕቶታት | መልሲታት |
| AMERICAN HISTORY QUESTIONS | |
| ሕቶታት ብዛዕባ ታሪኽ ኣሜሪካ | |
| Colonial Period and Independence | |
| ጊዜ መግዛእትን ነጻነትን | |
| 58. What is one reason colonists came to America? | Freedom; political liberty; religious freedom; economic opportunity; practice their religion; escape persecution |
| 58. ገዛእቲ ናብ ኣሜሪካ መምጺኢኦም ሓደ ምኽንያት እንታይ ኢዩ? | ነጻነት፣ ፖለቲካዊ ሓርነት፣ ናይ ሃይማኖት ነጻነት፣ ቁጠባዊ ዕድላት፣ ሃይማኖቶም ከተግብሩ፣ ካብ ግፍዒ ምህዳም |
| 59. Who lived in America before the Europeans arrived? | Native Americans; American Indians |
| 59. ኤሮጳውያን ቅድሚ ምምጽኦም ኣብ ኣሜሪካ መን ይነብር ኔሩ? | ደቀባት ኣሜሪካውያን፣ ህንዲ ኣሜሪካውያን |
| 60. What group of people was taken to America and sold as slaves? | Africans; people from Africa |
| 60. ኣየናይ ጉጅለ ህዝቢ ናብ ኣሜሪካ ተወሲዱን ከም ባርያ ተሸይጡን? | ኣፍሪቃውያን፣ ሰባት ካብ ኣፍሪቃ |
| 61. Why did the colonists fight the British? | Because of high taxes (taxation without representation); because the British army stayed in their houses (boarding, quartering); because they didn’t have self-government |
| 61. እቶም ገዛእቲ ንእንግሊዛውያን ስለምንታይ ተዋጊኦሞም? | ምኽንያቱ ግብሪ ስለዝበዝሐ (ምቕራጽ ብዘይ ምውካል)፣ ምኽንያቱ ወተሃደራት እንግሊዝ ኣብ ገዛ ኦም ስለዝተቐመጡ (መደቀሲን ኣብያተ ጽሕፈትን)፣ ምኽንያቱ ናይ ባዕሎም መንግስቲ ስለዘይነበሮም |
| 62. Who wrote the Declaration of Independence? | (Thomas) Jefferson |
| 62. ንኣዋጅ ነጻነት መን ኣዊጅዎ? | (ቶማስ) ጀፈርሰን |
| 63. When was the Declaration of Independence adopted? | July 4, 1776 |
| 63. ኣዋጅ ነጻነት መዓስ ማዕቢሉ? | ሓምለ 4፡ 1776 |
| 64. There were 13 original states. Name three. | New Hampshire; Massachusetts; Rhode Island; Connecticut; New York; New Jersey; Pennsylvania; Delaware; Maryland; Virginia; North Carolina; South Carolina; Georgia |
| 64. መጀምርታ 13 ክፍለ-ሃገራት ኔረን። ሰለስተ ጥቐስ። | ኒው ሃምፕሻየር፣ ማሳቹሰትስ፣ ሮድ ኣይላንድ፣ ኮነክቲካት፣ ኒው ዮርክ፣ ኒው ጀርሲ፣ ፔንስልቫኒያ፣ ዴላዌር፣ ሜሪላንድ፣ ቨርጅኒያ፣ ኖርዝ ክሮላይና፣ ሳውዝ ካሮላይና፣ ጆርጂያ |
| 65. What happened at the Constitutional Convention? | The Constitution was written; the Founding Fathers wrote the Constitution |
| 65. ኣብቲ ናይ ቅዋማዊ ኣኼባ እንታይ ተጌሩ? | እቲ ቅዋም ተጻሒፉ፡ እቶም መስረትቲ ኣቦታት ነቲ ቅዋም ጽሒፎሞ |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 66. When was the Constitution written? | 1787 |
| 66. እቲ ቅዋም መዓስ ተጻሒፉ? | 1787 |
| 67. The Federalist Papers supported the passage of the U.S. Constitution. Name one of the writers. | (James) Madison; (Alexander) Hamilton; (John) Jay |
| 67. እቶም ናይ ፌደራላዊ ወረቓቕቲ ንምሕላፍ ናይ ሕ.ሃ ቅዋም ደጊፎሞ። ስም ሓደ ካብቶም ጸሓፍቲ ጥቐስ። | (ጀምስ) ማዲሰን፣ (ኣሌክሳንደር) ሃሚልቶን፣ (ጆን) ጀይ |
| 68. What is one thing Benjamin Franklin is famous for? | U.S. diplomat; oldest member of the Constitutional Convention; first Postmaster General of the United States; writer of “Poor Richard’s Almanac”; started the first free libraries |
| 68. ቤንጃሚን ፍራንክሊን በየናይ ሓደ ነገር ኢዩ ፍሉጥ? | ናይ ሕ.ሃ ዲፕሎማት፣ ገዲም ኣባል ናይቲ ቅዋማዊ ኣኼባ፣ ናይ መጀመርታ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ፖስታ ሕቡራት ሃገራት፣ ጸሓፊ “ ፑር ሪቻርድ'ስ ኣልማናክ”፣ ናይ መጀመርታ ነጻ ቤት ንባብ ዝመስርተ |
| 69. Who is the “Father of Our Country”? | (George) Washington |
| 69. “ኣቦ ናይ ሃገርና” መን ኢዩ? | (ጆርጅ) ዋሺንግተን |
| 70. Who was the first President? | (George) Washington |
| 70. ናይ መጀመርታ ፕረሲደንት መን ኢዩ? | (ጆርጅ) ዋሺንግተን |
| **1800s** | |
| **ናይ 1800ታት** | |
| 71. What territory did the U.S. buy from France in 1803? | The Louisiana Territory; Louisiana |
| 71. ኣብ 1803 ሕ.ሃ ኣየናይ መሬት ካብ ፈረንሳይ ገዚኣ? | መሬት ልዊዝያና፣ ልዊዝያና |
| 72. Name one war fought by the United States in the 1800s. | War of 1812; Mexican-American War; Civil War; Spanish-American War |
| 72. ኣብ 1800ታት ብሕቡራት ሃገራት ካብ ዝተገብሩ ውግኣት ሓደ ጥቐስ። | ናይ 1812 ውግእ፣ ውግእ ሜክሲኮ-ኣሜሪካ፣ ውግእ ሓድሕድ፣ ውግእ ስፔን-ኣሜሪካ |
| 73. Name the U.S. war between the North and the South. | The Civil War; the War between the States |
| 74. ናብ ውግእ ሓድሕድ ዘምረሐ ሓደ ጸገም ጥቐስ። | ባርነት፣ ቁጠባዊ ምኽንያታት፣ መሰል ክፍለ-ሃገራት |
| 75. What was one important thing that Abraham Lincoln did? | Freed the slaves (Emancipation Proclamation); saved (or preserved) the Union; led the United States during the Civil War |
| 75. ኣብርሃም ሊንከን ዝገበሮ ሓደ ኣገዳሲ ነገር እንታይ እዩ። | ባራዩ ነጻ ጌሩዎም (ኣዋጅ ሓርነት)፣ ነቲ ሕብረት ኣድሒንዎ (ዓቂብዎ)፣ ኣብ ጊዜ ውግእ ሕድሕድ ንሕቡራት ሃገራት ይመርሕ ነይሩ |
| 76. What did the Emancipation Proclamation do? | Freed the slaves; freed slaves in the Confederacy; freed slaves in the Confederate states; freed slaves in most Southern states |
| 76. ኣዋጅ ሓርነት እንታይ ጌሩ? | ንባሮት ነጻ ጌሩዎም፣ ኣብተን ኮንፈደሬት ዝነበሩ ባሮት ነጻ ጌሩዎም፣ ኣብተን ኮንፈደሬት ሃገራት ዝነበሩ ባሮት ነጻ ጌሩዎም፣ ኣብ መብዛሕትኣን ድቡባዊ ክፍለ-ሃገራት ዝነበሩ ባሮት ነጻ ጌሩዎም |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 77. What did Susan B. Anthony do? | Fought for women's rights; fought for civil rights |
| 77. **ሱዛን ቢ. ኣንቶኒ እንታይ ጌራ?** | **ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ተቓሊሳ፣ ንሲቪላዊ መሰላት ተቓሊሳ** |
| **Recent American History and Other Important Historical Information** | |
| **ናይ ቀረባ እዋን ናይ ኣሜሪካ ታሪኽን ካልእ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ሓበሬታን** | |
| 78. Name one war fought by the United States in the 1900s. | World War I; World War II; Korean War; Vietnam War; (Persian) Gulf War |
| 78. **ኣብ 1900ታት ብሕቡራት ሃገራት ዝተገብሩ ውግኣት ሓደ ጥቐስ።** | **ቀዳማይ ውግእ ዓለም፣ ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ውግእ ቬትናም፣ (ፐርሺያ) ውግእ ጎልፍ** |
| 79. Who was President during World War I? | (Woodrow) Wilson |
| 79. **ኣብ ጊዜ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ፕረስደንት መን ነይሩ?** | **(ዉድሮው) ዊልሰን** |
| 80. Who was President during the Great Depression and World War II? | (Franklin) Roosevelt |
| 80. **ኣብ እዋን እቲ ዝዓበየ ቅልውላውን ካልኣይ ውግእ ዓለምን ዝነበረ ፕርሲደንት መን ኢዩ?** | **(ፍራንክሊን) ሩዝቨልት** |
| 81. Who did the United States fight in World War II? | Japan, Germany, and Italy |
| 81. **ሕቡራት ሃገራት ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ምስመን ተዋጊኣ?** | **ጃፓን፣ ጀርመንን፣ ጥሊያንን** |
| 82. Before he was President, Eisenhower was a general. What war was he in? | World War II |
| 82. **ኣይዘንሃወር ቅድሚ ፕረሲደንት ምኻኑ ጀነራል እዩ ነይሩ። ኣበየናይ ውግእ እዩ ነይሩ?** | **ካልኣይ ውግእ ዓለም** |
| 83. During the Cold War, what was the main concern of the United States? | Communism |
| 83. **ኣብ ጊዜ ዝሑል ውግእ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት ስክፍታ እንታይ ነይሩ?** | **ኮሙኒዝም** |
| 84. What movement tried to end racial discrimination? | Civil rights (movement) |
| 84. **ኣየናይ ምንቅስቓስ ንናይ ዓልየት ምፋልላይ ከወግድ ዝፈተነ?** | **ናይ ሲቪላዊ መሰላት (ምንቅስቓስ)** |
| 85. What did Martin Luther King Jr. do? | Fought for civil rights; worked for equality for all Americans |
| 85. **ማርቲንግ ሉተር ኪንግ ጁንየር እንታይ ገይሩ?** | **ንናይ ሲቪላዊ መሰላት ተቓሊሱ፣ ንማዕርነት ናይ ኩላቶም ኣሜሪካውያን ሰሪሑ** |
| 86. What major event happened on September 11, 2001 in the United States? | Terrorists attacked the United States |
| 86. **ኣብ መስከረም 11, 2001 ኣብ ሕቡራት ሃገራት እንታይ ዓቢ ነገር ተፈጺሙ?** | **ግብረ-ሽበራውያን ንሕቡራት ሃገራት ኣጥቂዮማ** |
| 87. Name one American Indian tribe in the United States. | Cherokee; Navajo; Sioux; Chippewa; Choctaw; Pueblo; Apache; Iroquois; Creek; Blackfeet; Seminole; Cheyenne; Arawak; Shawnee; Mohegan; Huron; Oneida; Lakota; Crow; Teton; Hopi; Inuit |
| 87. **ካብ ናይ ኣመሪካውያን-ህንዳዊያን ቀቢላ ሓደ ስመይ።** | **ቸሮኪ፣ ናቫሆ፣ ሱ፣ ቺፐዋ፣ ቾክታው፣ ፑኤብሎ፣ ኣፓቾ፣ ኢሮኩኣዝ፣ ክሪክ፣ ብላክፊት፣ ሰሚኖለ፣ ቸይነ፣ ኣራዋክ፣ ሻውኒ፣ ሞሀጋን፣ ሁሮን፣ ኦነይዳ፣ ላኮታ፣ ክሮው፣ ተቶን፣ ሆፒ፣ ኢኑት** |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| **INTEGRATED CIVICS QUESTIONS** | |
| **ዝተወሃሃደ ናይ ሲቪክስ ሕቶታት** | |
| **Geography** | |
| **ጂኦግራፍ** | |
| 88. Name <u>one</u> of the two longest rivers in the United States. | Missouri (River); Mississippi (River) |
| 88. ካብቶም ክልተ ነዋሕቲ ወሓዚታትን ናይ ሕቡራት ሃገራት <u>ሓደ</u> ስመይ | (ወሓዚ) ሚዙሪ፣ (ወሓዚ) ሚሲሲፒ |
| 89. What ocean is on the West Coast of the United States? | Pacific (Ocean) |
| 89. ኣይናይ ውቅያኖስ እዩ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ዝርከብ? | ፓሲፍክ (ውቅያኖስ) |
| 90. What ocean is on the East Coast of the United States? | Atlantic (Ocean) |
| 90. ኣይናይ ውቅያኖስ እዩ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ዝርከብ? | ኣትላንቲክ (ውቅያኖስ) |
| 91. Name <u>one</u> U.S. territory. | Puerto Rico; U.S. Virgin Islands; American Samoa; Northern Mariana Islands; Guam |
| 91. <u>ሓንቲ</u> ናይ ሕ.ሃ. መሬት ስመይ። | ፖርተሪኮ፣ ሕ.ሃ. ቨርጂን ኣይላንድስ፣ ኣመሪካን ሳሞኣ፣ ኖርዘርን ማሪያና ኣይላንድስ፣ ጉዋም |
| 92. Name <u>one</u> state that borders Canada. | Maine; New Hampshire; Vermont; New York; Pennsylvania; Ohio; Michigan; Minnesota; North Dakota; Montana; Idaho; Washington; Alaska |
| 92. ምስ ካናዳ ትዋሰን <u>ሓንቲ</u> ክፍለ-ሃገር ስመይ። | መይን፣ ኒው ሃምፕሻየር፣ ቨርሞንት፣ ኒው ዮርክ፣ ፐንሲልቭንያ፣ ኦሃዮ፣ ሚሺጋን፣ ሚኒሶታ፣ ኖርዝ ዳኮታ፣ ሞንታና፣ ኣይዳሆ፣ ዋሽንግተን፣ ኣላስካ |
| 93. Name <u>one</u> state that borders Mexico. | California; Arizona; New Mexico; Texas |
| 93. ምስ ሜክሲኮ ትዋሰን <u>ሓንቲ</u> ክፍለ-ሃገር ስመይ። | ካሊፎርናያ፣ ኣሪዞና፣ ኒው ሜክሲኮ፣ ቴክሳስ |
| 94. What is the capital of the United States? | Washington, D.C. |
| 94. ዋና ከተማ ናይ ሕቡራት ሃገራት መን እያ? | ዋሽንግተን ዲ.ሲ. |
| 95. Where is the Statue of Liberty? | New York (Harbor); Liberty Island [Also acceptable are New Jersey, near New York City, and on the Hudson (River).] |
| 95. ሓወልቲ ናይ ሓርነት ኣበይ ትርከብ? | ኒው ዮርክ (ሃርቦር)፣ ሊበርቲ ኣይላንድ (ኒው ጀርሲ፣ ጥቓ ኒው ዮርክ ሲቲ፣ ኣብ ሃድሶን ሪቨር እውን ቅቡላት እዮም |
| **Symbols** | |
| **ምልክታት** | |
| 96. Why does the flag have 13 stripes? | Because there were 13 original colonies; because the stripes represent the original colonies |
| 96. ኣብ ባንዴራ 13 ሽራጣት ስለምንታይ ኣለዋ? | እተን ናይ መጀመርታ ግዝኣት 13 ስለ ዝነበራ፣ እተን ሽራጣት ነተን ናይ መጀመርታ ግዝኣት ስለ ዝውክላ |
| 97. Why does the flag have 50 stars? | Because there is one star for each state; because each star represents a state; because there are 50 states |
| 97. ባንዴራ ስለምንታይ 50 ከዋኽብቲ ኣለዋኣ? | ንነፍሲ ወከፍ ክፍለ-ሃገር ሓንቲ ኮኾብ ስለ ዘላ፣ ሓንቲ ኮኾብ ንሓንቲ ክፍል-ሃገር ስለ ትውክል፣ 50 ክፍል-ሃገራት ስለ ዘለዋ |
| 98. What is the name of the national anthem? | The Star-Spangled Banner |
| 98. ሃገራዊ መዝሙር እንታይ እዩ ሽማ? | ዘ ስታር-ስፓንግለድ ባነር |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| **Holidays** | |
| **በዓላት** | |
| 99. When do we celebrate Independence Day? | July 4 |
| 99. መዓልቲ ናጽነት መዓስ ነኽብር? | ሓምለ 4 |
| 100. Name two national U.S. holidays. | New Year's Day; Martin Luther King Jr. Day; Presidents Day; Memorial Day; Independence Day; Labor Day; Columbus Day; Veterans Day; Thanksgiving; Christmas |
| 100. ክልተ ሃገራዊ በዓላት ናይ ሕ.ሃ. ስመይ። | ሓድሽ ዓመት፣ መዓልቲ ማርቲን ሉተር ኪንግ፣ መዓልቲ ፕረሲደንት፣ መዓልቲ ተዘክሮ፣ መዓልቲ ሸቃሎ፣ መዓልቲ ኮሎምበስ፣ መዓልቲ ሓርበኛታት፣ ታንክስጊቪንግ፣ ልደት |

## Study Questions for ELDERLY APPLICANTS for the NEW Version of the Exam
## ንብዕደመ ዝደፍኡ ኣመልከቲ ዝወሃብ ሓድሽ ናይ ፈተና ዓይነት

ብዉሑዱ 65 ዕድመ ዘለዎም ን20 ዓመት ሕጋዊ ተቐማጦ (ግሪን ካርድ ዘለዎ) ዝኾኑ ፍልይ ዝበሉ ናይ ሲቪክስ (ታሪኽን መንግስትን) ኣፍልጦ ጠለብ ኣለዎም። ብቛንቛኦም'ውን ክፍተኑ ይኽእሉ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ክፍሊ ሸ ተመልከት።

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| ሕቶታት | መልሲታት |
| 1. What is one right or freedom from the First Amendment? | Speech; religion; assembly; press; petition the government |
| 1. ሓንቲ መሰል ወይ ናጽነት ካብ ቀዳመይቲ መኣረምታ እንታይ እያ? | ምዝራብ፣ ሃይማኖት፣ ምእካብ፣ ምጽሓፍ፣ ኣቤቱታ ንመንግስቲ ምቕራብ |
| 2. What is the economic system in the United States? | Capitalist economy; market economy |
| 2. ናይ ሕቡራት ሃገራት ቁጠባዊ ስርዓት እንታይ እዩ? | ርእሰማላዊ ቁጠባ፣ ናይ ዕዳጋ ቁጠባ |
| 3. Name one branch or part of the government. | Legislative (Congress); executive (President); judicial (the courts) |
| 3. ሓደ ጨንፈር ወይ ክፍሊ ናይ ምምሕዳር ስመይ። | ሓጋጊ (ሓጋጊ ኣካል)፣ ፈጻሚ (ፕረሲደንት)፣ ፈራዲ ኣካል (ቤት ፍርዲ) |
| 4. What are the two parts of the U.S. Congress? | The Senate and House (of Representatives) |
| 4. ክልተ ክፍልታት ናይ ሕ.ሃ. ሓጋጊ ኣካል እንታይ እየን? | ባይቶን ገዛን (ናይ ተጸዋዕቲ) |
| 5. Who is one of your state's U.S. Senators? | Patty Murray; Maria Cantwell (Washington state – 2007) |
| 5. ሓደ ካብ ክፍለ-ሃገርካ ናይ ሕ.ሃ. ኣባል ባይቶ መን እዩ? | ፓቲ ሙራይ፣ ማሪኣ ካንትወል (ዋሽንግቶን ክፍለ-ሃገር - 2007) |
| 6. In what month do we vote for President? | November |
| 6. ኣበየናይ ወርሒ ፕረሲደንት ንመርጽ? | ሕዳር |
| 7. What is the name of the President of the U.S. now? | George W. Bush; George Bush; Bush (2007) |
| 7. ሕጂ ዘሎ ናይ ሕ.ሃ. ፕረሲደንት ሽሙ መን እዩ? | ጆርጅ ዳብሊው. ቡሽ፣ ጆርጅ ቡሽ፣ ቡሽ (2007) |
| 8. What is the capital of your state? | Olympia (Washington state) |
| 8. ናይ ክፍለ-ሃገርካ ዋና ከተማ መን እያ? | ኦለምፒያ (ዋሽንግቶን ክፍለ-ሃገር) |
| 9. What are the two major political parties in the United States? | Democratic and Republican |
| 9. ክልተ ቀንዲ ፖለቲካ ፓርቲታት ናይ ሕቡራት ሃገራት እንታይ እየን? | ደሞክራቲክን ረፓብሊካን |
| 10. What is one responsibility that is only for U.S. citizens? | Serve on a jury; vote |
| 10. ሓንቲ ሓላፍነት ንናይ ሕቡራት ሃገራት ዜጋታት ጥራሕ ትወሃብ እንታይ እያ? | ከም ፈራዲ ኣካል ምግልጋል፣ ምምራጽ |
| 11. How old do citizens have to be to vote for President? | Eighteen (18) and older |
| 11. ዜጋታታ ፕረሲደንት ንኽመርጹ ክንደይ ዓመት ክኾኑ ኣለዎም? | ዓሰርተ ሸሞንተ (18)ዓምትን ልዕሊኡን |
| 12. When is the last day you can send in federal income tax forms? | April 15 |
| 12. ናይ ፌደራል ኣታዊ ግብሪ መኽፈሊ ፎርም ትሰድሉ ናይ መጨረሽታ መዓልቲ መዓስ ኢዩ? | ሚያዝያ 15 |

| QUESTIONS | ANSWERS |
|---|---|
| **ሕቶታት** | **መልሲታት** |
| 13. Who was the first President? | (George) Washington |
| 13. **ናይ መጀመርታ ፕረሲደንት መን ኢዩ ነይሩ**? | (**ጆርጅ**) **ዋሽንግተን** |
| 14. What was <u>one</u> important thing that Abraham Lincoln did? | Freed the slaves (Emancipation Proclamation); saved (preserved) the Union; led U.S. during the Civil War |
| 14. **ኣብራሃም ሊንከን ካብ ዝገበሮም <u>ሓደ</u> ኣገዳሲ ነገር እንታይ ኢዩ ኔሩ**? | **ባሮት ናጽነት ኣውጺኡ** (**ሓርነት ኣዋጅ**)**፣ ሕብረት ኣድሒኑ** (**ዓቂቡ**)**፣ ኣብ ግዜ ውግእ ሕድሕድ ሕ.ሃ. መሪሑ** |
| 15. Name <u>one</u> war fought by the United States in the 1900s. | World War I; World War II; Korean War; Vietnam War; (Persian) Gulf War |
| 15. **ኣብ** 1990 **ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ዝተኻየዱ ወግኣት <u>ሓደ</u> ስመይ** | **ቀዳማይ ውግእ ዓለም፣ ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ውግእ ኮርያ፣ ውግእ ቬትናም፣ ውግእ**(**ፐርሽያን**) **ጎልፍ** |
| 16. What did Martin Luther King Jr. do? | Fought for civil rights; worked for equality for all Americans |
| 16. **ማርቲን ሉተር ኪንግ ጁንየር እንታይ ገይሩ**? | **ንናይ ሲቪላዊ መሰላት ተቓሊሱ፣ ንማዕርነት ኹላቶም ኣሜሪካዉያን ሰሪሑ** |
| 17. What is the capital of the United States? | Washington, D.C. |
| 17. **ዋና ከተማ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ መን'ያ**? | **ዋሽንግተን ዲ.ሲ.** |
| 18. Where is the Statue of Liberty? | New York (Harbor); Liberty Island [Also acceptable are New Jersey, near New York City, and on the Hudson (River).] |
| 18. **ሓወልቲ ናይ ሓርነት ኣበይ ኣላ**? | **ኒው ዮርክ** (**ሃርቦር**)**፣ ሓርነት ደሴት** [**ከምኡ'ውን ኒው ጀርሲ፣ ጥቓ ኒው ዮርክ ሲቲን፣ ኣብ ፈለግ ሃድሶን ቅቡል እዩ**] |
| 19. Why does the flag have 50 stars? | Because there is one star for each state; because each star represents a state; because there are 50 states |
| 19. **ባንዴራ ስለምንታይ** 50 **ከዋኽብቲ ኣለዋ**? | **ምኽንያቱ፡ ሓንቲ ኮኾብ ንሓንቲ ክፍለ-ሃገር ስለ ዘላ፣ሓንቲ ኮኾብ ንሓንቲ ክፍለ-ሃገር ስለትውክል፣** 50 **ክፍለ-ሃገራት ስለ ዘለዋ** |
| 20. When do we celebrate Independence Day? | July 4 |
| 20. **መዓልቲ ናጽነት መዓስ ነብዕል**? | **ሓምለ** 4 |